# “ጀብሃ ንዕብየት ትምህርትን ንሓድነት ህዝብናን ዕጥቕቲ ነይራ፤ እዚ ታሪኽ ዘይክሕዶ ሓቅታት ኢዩ፡፡”

*

## ቃለ-መሓትት ምስ ናይ “ዩነስኮ ከሰላ” መምህር ዝነበረ ገብረመድህን ጸጋይ

*

ብወልደሱስ ዓማር

ከም ስውእ መምህር ሚካኤል ጋብር፤ መምህር ገብረመድህን ጸጋይ እውን ፈላጢኡ ብዙሕ ኢዩ፡፡ ክልቲኦም ካብ 1977 ጀሚሮም መማህራንን ሓለፍትን ናይታ ኣፍራይት ዝነበረት ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ” ናይ ከሰላ ነይሮም፡፡ ክልቲኦም “ካብ ከሰላ ንኤርትራ” ዝብል ዕላማ እንበር ካብ ሱዳን ንንየው ንዳግማይ ስደት ክኸዱ ኣይሓለሙን ነይሮም፡፡ ምኽንያቱ ከኣ ከም ኩሉ ኤርትራዊ፡ ሃገር ነጻ ምስ ወጸት፡ ሓድነት ህዝባ ኣዕቂባ ኾኑሎም ደቃ ክትእግብ ግድን ኢዩ ዝብል እምነት ስለዝነበሮም፡፡ እዚ ግን ከይኮነ ተሪፉ፤ ኣብቲ እተጠልመ መብጽዓታት ስለእተደመረ።

መምህር ሚካኤል ብ1992 ኣብ ከሰላ ምስ ተሰውኤ፡ መምህር ገብረመድህን (ገረ) ንስውእ ብጻዩ ተኪኡ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ” ከሰላ ኰይኑ ክሳዕ መወዳእታ 1997 ቀጺሉ፡፡ ማለት ምዕጻው እዛ ብሕቡራት መንግስታት ተሓጊዛ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተሓኤ) እትመሓደር ዝነበረት ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ” ዘይተርፍ እናኾነ ምስ መጸ፡ መምህር “ገረ” ከም ጊዝያዊ ምርጫ ንዘይተመነዮ ስደት ጠቕሊሉ ምስ ደቁ ንኣውስትራልያ ኣንቈልቍሉ፡፡ ብዝሓለፈ ሰነ 2005፡ ኣብ ከተማ መልቦርን ተራኺብና ብዛዕባ ተመክሮታቱ ኣብ ገድሊ ኣስፌሕና ኣዕሊልና ኔርና፡፡ ካብቲ ዘካየድናዮ ዕላል ብመልክዕ ቃለ-መሓትት፡ ነዚ ዝስዕብ ክፋል ንኣንበብቲ ከቕርብ ጠቓሚ ኰይኑ ይርኣየኒ፡፡ ጽቡቕ ንባብ፡፡

፥፥፥

**ሕቶ፡-** መጀመርያ ብዛዕባኻዶ እሕጽር ኣቢልካ ምገለጽካለይ? ማለት ቅድሚ ናብ ገድሊ ምጽንባር ካብ ዝነበረ ሃለዋትካ፡፡

**መልሲ፡-** ሕራይ፡፡ ምሉእ ሽመይ ገብረመድህን ጸጋይ ኣጽብሃ እብሃል፡፡ ብ1946 ዓ.ም. ኣብ ደርዓንቶ ተወሊደ፤ ናይ መባእታን ማእከላይን ካልኣይ ደረጃን ትምህርተይ ኣብ ኲዶ-ፈላሲ፡ ኣብ ሳን ጆርጆ (መንደፈራ) ከምኡ ከኣ ኣብ ኮምቦኒ (ኣስመራ) ወዲኤ፡፡ ናይ ቍጽርን (ማትስ) ፊዚክስን ትምህርተይ ከኣ ኣብ ናይ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ዩኒቨርስታት ኣጠናቒቐ፡፡

**ሕቶ፡-** ድሕሪኡኸ?

**መልሲ፡-** ድሕሪኡ፡ ብ1972-74 ኣብ ደብረዘይቲ እንከሎኹ ንጡፍ ናይ ተሓኤ ነይረ፡፡ ኣብ መወዳእታ 1974 ንሜዳ ኣትየ፡ ኣብ ከባቢ ዛላምበሳ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲደ። ብሓምለ 1975 ናይ ሕብረተሰብኣዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ክፍሊ መደብ ትምህርቲ (ካሪኩሉም) ካድር ብምኳን ምስ ብዙሓት ብጾት መምሃሪ ዝኸውን መጻሕፍቲ ኣብ ምድላው ኣትየ። ኲነታት ትምህርትን ኣድላይነት ቤት ትምህርትታትን ንምፍላጥ ካብ የካቲት 1976 ክሳዕ ጥቅምቲ

1976 ኣብ መላእ ኤርትራ ድህሰሳ ኣካይድና፡፡ ኣብ መወዳእታ ናይ 1976 ኣብ ከባቢ ነበጋደ (ኣከለ-ጉዛይ) ብዓረብ እትምህር ቤት ትምህርቲ ከፊተ፤ ክሳዕ መወዳእታ 1977 ሓደስቲ ቤት ትምህርትታት ኣብ ምኽፋትን ምቍጽጻርን ምምሃርን ቀጺለ፡፡

**ሕቶ፡-** ኣድማዕነት መደባትን ንጥፈታትን ክፍሊ ትምህርቲ ናይ ተሓኤ ከመይ ነይሩ? እቲ ሓቂ ንገረኒ፤ እዚ ታሪኽ ኢዩ፡፡

**መልሲ፡-** ጀብሃ ንጉዳይ ትምህርቲ ከምቲ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ እትግደሰሉ'ያ ትግደሰሉ ዝነበረት፡፡ ኣብዚ መዳይዚ ዝወዳደራ ነይሩ ወይ ኣሎ ኣይብልን፡፡ ሓቂ ብሓቂ ክብለካ ጀብሃ ንዕብየት ትምህርትን ንሓድነት ህዝብናን ዕጥቕቲ ነይራ፤ እዚ ታሪኽ ዘይክሕዶ ሓቅታት ኢዩ፡፡ ምድካም ጀብሃ ከኣ ዓቢ ክሳራ ንኤርትራን መጻኢ ዕድላን ነይሩ ብሃላይ ኢየ ። ከምቲ ቅድም ክጠቕሶ ዝጀመርኩ፡ ብ1976 ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ብትግርኛን ዓረብን ከምኡ ኸኣ ብእንግሊዘኛ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ መጻሕፍቲ ኣዳሊና፡ ኣሕቲምና ኣብ ግብሪ ኣውዒልናዮ፡፡ ጀብሃ ሓድነት ህዝቢ ዝሓለወ ትምህርትን ክንክን ጥዕና ሰብን እንስሳን ከተማዕብል ላዕልን ታሕትን ክትብል እንከላ፡ ካልኦት ወተሃደራዊ ህላዌኦም ጥራሕ ኢዩ ዝግድሶም ዝነበረ፡፡ ታሪኽ ሕርሕራይ ገይሩ ክምስክሮ እምነት ኣሎኒ። እቲ ዝኸፈትናዮ ብዝሒ ቤት ትምህርትታትን ቍጽሪ ተመሃሮን መማህራርንን፡ ሕጂ እዚ ነይሩ ክብለካ ኣይክእልን፤ ኣብ መጽሔታት ውድብ ይርከብ ይኸውን፡፡ [ታሕቲ ርኤ፡፡] ኰይኑ ግን እቲ ምዕባለ ደያቢ ነይሩ፡፡ ብጸገማት ናይ 1980-81 እንተዘይኩለፍ ከኣ፡ ኣድማዕነት መደባትን ንጥፈታትን ክፍሊ ትምህሪቲ ጀብሃ ኣብ ሃገርና ታሪኽ ምሰርሐ፡፡

**ሕቶ፡-** ኣብታ ብUNHCR እትሕገዝ ዝነበረት ግን ከኣ ብጊጋ ኣጸዋውዓ “ቤት ትምህርቲ ስደተኛታት UNESCO-Kassala ” ኣናተባህለት ኣትፍለጥ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብዙሕ ዓመታት ምሂርካ ኢኻ፡፡ ብዛዕብኡዶ ምገለጽካልና?

**መልሲ፡-** ምቛም እዛ ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ-ከሰላ” እውን መንጸበረቕታ ተገዳስነት ጀብሃ ኣብ ትምህርቲ ኢያ ነይራ። እታ ቤት ትምህርቲ ብጥቅምቲ 1977 ተኸፊታ፡ ኣነ ኸኣ ኣብኣ ክምህር ሽዓየ ካብ ሜዳ ተሳሒበ፡፡ ጀብሃ ነቶም ትምህርቶም ኣቋሪጾም ካብ ኤርትራ ዝመጹ መንእሰይ ዘርምዘርሞ ከይተርፉ ኢሳ ዘውጽኣቶ መደብ ኢዩ ነይሩ፡፡ ክፍሊ ስደተኛታት ናይ ሕቡራት መንግስታት ከኣ ምስ መደብ ጀብሃ ተሰማሚዑ ዓመታዊ ሓገዙ የወፊ ነይሩ [ክሳዕ 300,000 ዶላር ኣሜሪካ ኣብ ዓመት]። ካብ 7ይ ክሳዕ 12 ክፍሊ ንምህር ኔርና፡፡ ንተመሃሮ ናይ ገንዘብን ክዳንን ሓገዝ ይግበር ስለዝነበረ ከኣ ብዙሓት ድኻታት ተመሃሮ ትምህርቶም ክቕጽሉ ክኢሎም፡፡ ኣብ መጀመርያ ሓለፍቲ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ደረጃታት ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ”፡ መምህር ሚካኤል ጋብርን እስታዝ ሳሊሕ መሓመድ ማሕሙድን ነይሮም፡፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 300 ሓደስቲ ተመሃሮ ንቕበል ኔርና፡፡ ኣስታት 100 ተመሃሮ ከኣ ዓ መት ዓመት 12 ክፍሊ ይውድኡ ነይሮም፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ ከሰላ” ፡ እንተላይ ነቶም ንሓጺር ጊዜ እተማህሩ ከይተረፈ እንተቈጺርና፡ ካብ 10,000 ዘይውሕዱ መንእሰይ ኣብኣ ተማሂሮም፡፡ ካብዚኣቶም ልዕሊ 2,000 ዝኾኑ 12 ክፍሊ ኣብኣ ወዲኦም ናይ ዩኒቨርሲቲ መሕለፊ መርመራ እተኻፈሉ ኢዮም፡፡ ብደረጃ ኤርትራ ቀሊል ውጽኢት ኣይነበረን፡፡

**ሕቶ፡-** ካብቶም ኣብ ዩነስኮ ከሰላ ምሳኻ ዝሰርሑ መማህራን ብዘይካ እቶም ድሮ እተጠቕሱ መምህር ሚካኤልን፡ እስታዝ ሳልሕን ካልኦት ብዓል መን ትዝክር?

**መልሲ፡-** ብዓል መግስትኣብ ኣስመሮም [ሎሚ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ናይ ኪዳንን ሓላፊ ዜና]፡ ብዓል እስታዝ መሓመድ ዑመር፡ ምሳይ ኣብ ኣውስትራልያ ዘሎ። ካልኦት ከኣ ብዓል ኣማረ ገ/ማርያም፡ ሳሊሕ ሓምደ፡ ግደይ ገብረሂወት፡ ዘመንፈስ የማነ፡ ዓብደላ ኣሰድ፡ ሓምድ ሰይድ፡ ዮሓንስ ክብርኣብ፡ ተሻገር ኢሳያስ፡ ዑቕባይ በላይ፡ ከምኡውን ካልኦት፡፡

**ሕቶ፡-** ካብ ተመሃሮኹም ኣብ ክብ ዝበለ ኣገልግሎት ህዝቢ ዝበጽሑ ኣለዉዶ?

**መልሲ፡-** ኣብ ውድባት ተቓውሞ ብዙሓት ኣለዉ፤ ኣውራ ኣብ ሰውራዊ ባይቶ። ብሳላ ጽዓት ጀብሃን እተካይዶ ዝነበረት ናይ “ዩነስኮ ከሰላ” ትምህርትን ኣብ ቁምነገር በጺሖም ንመንግስቲ ኤርትራ ዘገልግሉ ዘለዉ እኳ ቍጽሮም ውሑድ ኣይኮነን፡፡ ሕጂ ክዝክሮም ዝኽእል ጥራይ ኣብ ክፍሊ ዜና መንግስቲ ህግደፍ ዘገልግሉ ዘለዉ ብዓል ጳውሎስ ነታባይ፡ ዓብደላ መሓመድ ኑር ዳመር፡ ጀማል ተልከ (ዶክቶር) ወዘተ ተመሃሮ ዩነስኮ ከሰላ ዝነበሩ ኢዮም፡፡ ብውሑዱ ሓደ ኣንባሳዶር (ኣማኑኤል ነጸርኣብ) ከምኡ ኸኣ ናይ ኤርትራ ኤባሲታት ቍንስል ዝኾኑ (ብርሃነ ገብረሂወት ፡ ልኡል ...) ዝበሃሉ ክጠቅስ እኽእል።

**ሕቶ፡-** ካብ ተመሃሮኹም ዝነበሩ ክብ ዝበለ ናይ ዩኒቨርሲቲ ማዓርጋት ዝወሰዱ ክህልዋዉ ግድን ኢዩ።

**መልሲ፡-** ምሊእ ኢሎም!! ኣብዚ ኣውስትራልያ ጥራይ እኳ ብዓል ዶክቶር ብርሃን ኣሕመድ፡ ዶክቶር ሳላሕ ኢብራሂም፡ ሳላሕ ኣሰናይ፡ እድሪ ሓምደ ወዘተ እጠቕሰልካ፡፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝነብሩ ዘለዉ ብዓል ዶክቶር ፍስሃየ ወልደሱስ፡ ዶክቶር ሕደጎ ሃብታይ፡ ገብረመስቀል ማዓሾ ወዘተ ተመሃሮና ነይሮም፡፡ እቲ እተፈልጠ ኑክሊየር ፊዚሲስት ዝነበረ ዮናስ ስዩም፡ ከምኡ ኸኣ ናይ ሳይንስ ፈላጥ ብርሃኑ ኖራይ፡ ናይ ቶዮታ ኢንጂኔር ዶክቶር ተኽለ ተመስገን፡ ፋርማሲስት ኣልማዝ ዮሓንስ ብዩነስኮ ከሰላ ዝሓለፉ ኢዮም፡፡ ብሓጺሩ ክብለካ፡ ጀብሃ ንዕብየት ትምህርትን ንሓድነትናን ዝያዳ ኹሉ ኣማዕ ድያ እትጥምት ኢያ ነይራ፡፡ እዚ ህያው ዕላማታት እዚ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣይቐጸለን ማለተይ ግን ኣይኮነን፡፡ ምስክሩ ኸኣ እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወዲ ሽሪፈይን ከሰላን ዝቕጽል ዘሎ ዕማማት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኢዩ፡፡

**ሕቶ፡-** ቤት ትምህርቲ “ዩነስኮ ከሰላ” ኣብ መወዳእታኡ ከመይ ኰይና?

**መልሲ፡-** ድሕሪ ናይ 1993 ረፈረንዱም፡ ሕቡራት መንግስታት ነቲ ሓገዞም ከቋርጹ መደብ ኣውጺኦም፡፡ ብወገነይ ንሓደ ልኡኽ ሕቡራት መንግስታት፡ እቶም ስደተኛታት ከም ዘይተመልሱ ኣብ ርእሲ ምሕባር፤ እታ ቤት ትምህርቲ እንተተዓጽያ ነቶም ዓመት ዓመት እትምርቖም ዘላ እሞ ምስ ተመልሱ ንሓዳስ ኤርትራ መማህራን ክኾኑላ ዝኽእሉ መንእሰይ ዕድል ምኽላእ

ምኳኑ ኣትሪረ ገሊጸ፡፡ ሰማዒ እዝኒ ኸኣ ረኺበ፡፡ እታ ቤት ትምህርተ ኣብ ክንዲ ሽዑ ሽዑ እትዕጾ፡ ቀስ ብቐስ ተመሃሮ እናኣጕደለት ክሳዕ ሰነ 2000 ከም እትጸንሕ ተገይሩ፡፡ ድሕሪኡ ብሓገዝ ካቶሊካዊ ምስዮናት እቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ቀጺሉ፡፡

- የቐንየለይ መምህር ገብረመድህን፡፡
- ወ. ዓማር (መልቦርን 15.06.2005)

## ELF IN THE FIELD OF EDUCATION

(From **The Eritrean Newsletter**, issue **27** of September 1978, pp. 13-14)

- The academic year 1977-78 was one of the most successful periods in which the educational programmes of the [ELF] grew by leaps and bounds. The school year started in October [1977] with an initial enrolment of 25,000 pupils in over 200 schools. The number of students and schools was increasing every month as necessary preparations were completed in very locality. The number of schools and pupils was tripled compared to the previous school year. The new curriculum was in full use in grades one to four for which textbooks were prepared in Tigrigna and Arabic. The middle schools are using old textbooks and adapted syllabus.
- Literacy campaign was given due attention during [1977-78] and tens of thousands of illiterates were enabled to read and write [in Arabic and Tigrinia]. All the regular schools of the [ELF] were teaching literacy classes during the night time.
- Community-run schools as well as some non-secular schools were assisted to function smoothly using the programmes of the Education and Literacy Campaign Department of the Social Affairs Bureau of the ELF.
- Junior and senior schools [were] opened in Kassala in October 1977 with the cooperation of the UN system, accommodating over 300 students.
- The General Union of Eritrean Women runs a school for 400 students in Kassala.
- Mobile units of the various departments and mass organizations took active part in the dissemination of knowledge.
- The School of Cadres trained and graduated a substantially large number of people who were assigned to different posts in the field.
- One significant achievement during the year [1978] was the training of 600 medical cadres able to give [basic] medical assistance to the [people]. The Public Health Department continually trains 200 medical cadres in 4-month courses and specialized 6-month courses. Midwives are trained at the Maternity and Childcare Clinic.
- Various handicraft centres were established in the liberated areas where the disabled fighters can receive new skills.

(From **The Eritrean Newsletter**, issue **43** of June 1981, p. 6)

- The Arr School for Pioneers, opened with 70 inmates aged 7-15, accommodated 450 children by June 1978; the number reached 1,000 in 1980, 85% of them boys. In 1980, 7th grade was added to the school and 8th grade is scheduled to start in September 1981.
- Martyr Mebrat Nursery for 200 infants, managed by Tsega Woldemariam, was opened in November 1979. Almaz Woldu said that the project is funded by resources generated by the General Union of Eritrean Women.